Seattle Department of Transportation
PO Box 34996
Seattle, WA 98124-4996

PRSRT STD
US Postage
PAID
Seattle, WA
Permit No. 2871



**ኣብ ከተማ Columbia City ብዛዕባ ኽግበር እተሓሰበ ለውጢ ናይ ማኪና ደው መበሊ ቦታ ርእይቶኻ ኽንፈልጥ ምደለና። በጃኻ ኽሳዕ 20 ለካቲት 2017 ኣብ ዘሎ እዋን ናብ ColumbiaCityParking@seattle.gov ብምጽሓፍ ርኸበና።**

ከተማ Columbia City ትዓቢ እያ ዘላ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት SDOT ካባኻትኩም ኣብቲ ኸባቢ እቲ ማኪና ደው ምባል ከም ዘጸገመኩም ዝገልጽ ርእይቶኹም ተቐቢሉን ንዕኡ ዝምልከት ሓያሎ ናይ ማኪና ደው መበሊ መጽናዕትታት ብምክያድ ዕዮኡ ዛዚሙን እዩ። ኣብዚ ብምምርኳስ፡ SDOT ነቲ ኣብዚ እዋን እዚ ዘሎ ማኪና ደው መበሊ ቦታ ናብ Rainier Avenue Business District ክቕይሮ እማመ ኣቕሪቡ ኣሎ። እዚ እማመ እዚ፡ ብዝያዳ ብዙሕ ማኪና ደው መበሊ ቦታ ኽም ዝርከብ ዝገብር ከምኡውን ተቐማጦን ዓማዊልን በጻሕትን ኣብቲ ኸባቢ ዝዓዩ ሰራሕተኛታትን ብቐሊሉ ማኪና ደው መበሊ ቦታ ኽም ዝረኽቡ ዝገብርን እዩ። ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ውሽጢ ርአ።

TIGRINYA

Seattle Department of Transportation

## እንታይ ይመስለካ፧

ምስ ተቐማጦ ኸተማ  Columbia City ምይይጥ ኣብ ዝገብርናሉ እዋን፡ ብዛዕባ እቲ ምስ ማኪና ደው መበሊ ቦታ ዝተሓሓዝ ዘሎካ ሻቕሎትን ዋሕዚ ማካይንን ክንፈልጥ ክኢልና ኢና። እቲ ዝቐርብ ዘሎ ናይ ለውጢ እማመ እውን ኣብቲ ንስኻ ዝሃብካዮ ርእይቶን ኣብ እተገብረ መጽናዕትታት ተመርኲስካ እተገብረ ኾይኑ፡ ጐደናታት ብማኪና ስለ ዝመልእ፡ ማኪናኻ ኣብ ጐደና ደው ምባል ኣጸጋሚ ምዃኑን ኣብ ማእከል ከተማ Columbia City ዘተኣማምን ኣገልግሎት ምርካብ ከም ዘሸግርን ዝሕብር ኰይኑ እዩ ተረኺቡ።

እዚ ቐሪቡ ዘሎ እማመ፡ ኣብ ማእከል ከተማ  Columbia City ገንዘብ ከፈልካ ዝርከብ ናይ ማኪና ደው መበሊ ቦታ ኸም ዝርከብ ዝገብር እዩ፣ ብተወሳኺ እውን ኣብቲ ኸባቢ ኣብ ዘሎ ቦታታት ገንዘብ ዘይክፈሎ ደው መበሊ ኸም ዝርከብ፡ ነቲ መኽሰብ እውን ዘመሓይሽ ኰይኑ፡ ዘተኣማምን ኣገልግሎት ከም ዝህሉ ዝገብር እዩ። ከምቲ ኣብ ታሕቲ ዝርአ ዘሎ ነቲ ተኸልኪሉ ዝነበረ ናይ ማኪና ደው መበሊ ዞን 29 ብዝያዳ ዘስፍሕ እውን እዩ። ኣብ ውሽጢ እቲ ብዝያዳ ዝሰፍሐ ኸባቢ RPZ ዘሎ ኹሉ ኣድራሻታት፡ ንፍቓድ ብቑዕ ክኸውን እዩ። FAQ (ብተደጋጋሚ ዝሕተት ሕቶታት)፡ እንተላይ ብዛዕባ RPZ ዝገልጽ ዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብቲ ናይቲ ፕሮጀክት ወብ ሳይት ክርከብ ይከኣል እዩ።

ኣብ ከባቢ ዘሎ ምንቅስቓስ ማካይን ንምምሕያሽ፡ ኣብ መስመር ምብራቕ Rainier ካብ ዘሎ ቦታታት፡ ማኪና ደው ዘይብለሉ ቦታታት ብዝያዳ ኽነስፍሕ ወይ ክንውስኽ ኢና። ካልእ ለውጥታት ምስ ተገብረ ድማ፡ ኣብ መስመር 37th ከምኡውን 39th Ave S ኣብ ዘሎ መስቀለኛ መገድታት፡ ማኪና ደው ምባል ከም ዘይከኣል ዝገልጽ ምልክታት ክንገብር ኢና።

## ርእይቶ መውሃቢ ኣጋጣሚታት

ብኢንተርነት፡- በጃኻ ኽሳዕ 20 ለካቲት 2017 ኣብ ዘሎ እዋን ናብ ColumbiaCityParking@seattle.gov ብምጽሓፍ ርኸበና።

ብኣካል፡- ብ4 ለካቲት 2017፡ ካብ ሰዓት 10 ቅ.ቐ. – 12 ቅ.ቐ. ኣብ ዘሎ እዋን፡ ኣብ  SE Neighborhood Meeting at Royal Room, 5000 Rainier Ave S. ምስ SDOT ተራኺብካ ተዘራረብ።




እማመ ዝቐረበሉ ለውጥታት

- ዝኽፈሎ፡ $1/ብሰዓት፡ 8 ቅ.ቐ.  – 8 ድ.ቐ. ሰኑይ-ቀዳም፡ 2 ሰዓት ደረት (80 ቦታታት)
- RPZ፣ ከጠዋቱ 7 AM-እስከ ምሽቱ 6PM፣ ከሰኞ-አርብ, 2 ሰአታት ከፈቃድ ውጪ (390 ቦታዎች)
- ዘይከፈሎ ደረት ሰዓታት፡ 2 ሰዓታት 7 ቅ.ቐ. – 6 ድ.ቐ. ሰኑይ - ቀዳም (40 ቦታታት)
- ማኪና ደው ምባል ኣይፍቀድን ዝብል ምልክት
- ማኪና ብብዝሒ ዝወጸሉ ቦታታት ምውሳን
- ሓደ ቦታ ናብ ኣጋር ምቕያር 5 ድ.ቐ. – 2 ቅ.ቐ.
- ኣዲስ RPZ 29 የማቆሚያ ቦታ ይጨምሩ

ሓበሬታ ፕሮጀክት፡ FAQ (ብተደጋጋሚ ዝሕተት ሕቶታት) ከምኡውን ንምርኻብ፡-
www.seattle.gov/transportation/parking/cp_ColumbiaCity.htm

ኢ-መይል፡- ColumbiaCityParking@seattle.gov ወይ ናብ (206) 733-9026 ደውል።

For translated versions, please see project website or call (206) 733-9026.
Para obtener versiones traducidas, consulte la página web del proyecto o llame al (206) 733-9026.
Để đọc các bản dịch, vui lòng xem trang web của dự án hoặc gọi số (206) 733-9026.
如需翻译的版本，请参看项目网站或拨打(206) 733-9026。
Para sa mga bersyon na nasalin-wika, mangyari lang magpunta sa website ng proyekto o tumawag sa (206) 733-9026
ለተተረጎሙ ሕትመቶች፣ እባክዎ የፕሮጄክት የድር ጣቢያን ይመልከቱ ወይም በስልክ ቁጥር (206) 733-9026 ይደውሉ።
Haddii aad u baahantahay nuqulo turjuman, fadlan gal bogga internetka mashruuca ama wac (206) 733-9026.
Gosawwan kiikaatiif, maaloo marsariitii projektichaa ilaalaa ykn (206) 733-9026 irratti bilbilaa.
ንዝተተርጐሙ ሕትመት፥ ብኽብረትካ ንመርበብ ሓበሬታ ረአ ወይ ድማ ብተሌፎን ቍጽሪ  (206) 733-9026 ደውለልና።